# ኰተትየታት ክታበታት

## ሕማም ኣብ ምክልኻል ኰነ ጥዕና ዘለዎ ዕድመ ኣብ ምውሳኽ ኣገደስቲ እዮም።

ህጻናት እናዓበዩ ኣብ ዝኸዱሉ፡ ገለ ካብ'ቶም ኣብ እዋን ህጻንነቶም ተዋሂቦሞም ዝጸንሑ ክታበታት፡ ናይ ምክልኻል ዓቕሞም ስለዝጎድል፡ ነቲ ናይ ምክልኻል ዓቕሞም ንምንዋሕ ተወሰኽቲ ኣሐየልቲ ክታበታት ኪወሃቡ ኣድላዪ ይኸውን። ዝጎበዙ ህጻናት፡ በቶም ናብ'ቶም ንምሉእ መዋእሎም ክጸልውዎም ዝኽእሉ ሕማማት ብዝያዳ ዝተቓልዑ እዮም። ጥዕና መርመራታትን ስፖርታዊ ንጥፈታትን ወይ ቁሸት መርመራ ጥዕናን ኣካላዊ ብቕዓትን፡ ኣብ ክሊ ዕድመ ኰትትና ንዝርከቡ መንእሰያት ጽቡቕ ዕድል ዝፈጥሩ እዮም፤ ማለት፡ እቲ ዝግብኦም ክታበት ንኽረኽቡ። ክታበታት፡ ንጥዕና ናይ ኰተትየታት ጥራይ ዘይኰነስ፡ እንተላይ ንጥዕና ዓርከ-መሓዛኦምን ኣባላት ስድራ-ቤታቶምን ኮማቶምን ውሕስነት ዝህቡ እዮም።



# VACCINES

## YOUR BEST SHOT AT PREVENTION

ብኽብረትኩም፡ ሕቶታት ምስዝህልዉኹም ናብ'ቲ ንዓኹም ኣገልግሎት ክንክን ጥዕና ዝህብ ኣካል ወይ ናብ ክፍሊ ህዝባዊ ጥዕና IOWA በዚ ዚስዕብ ቍጽሪ ደውሉ፡-

1-800-831-6293

ተወሳኺ ሓበሬታ ንምርካብ፡ ማለት ንክታበታትን ሕማማትን ብዝምልከት፡ ኣብ'ዚ ኣድራሻ እዚ ተወከሱ፡-

https://idph.iowa.gov/immtb/immunization
www.immunize.org • www.cdc.gov/vaccines
www.vaccine.chop.edu • www.aap.org

IDPH Iowa Department of Public Health

IOWA IMMUNIZATION PROGRAM

መጋቢት 2018 Tigrinya

ኰተትየታት ክታበታት

ተኸተቡ መታን ዝሓሸን ጥዕና ዝመልኦ መነባብሮ ኽትነብሩ ።



# ንኰተትየታት ከመይ ዝኣመሰሉ ክታበታት እዮም ዘድልይዎም?

እዞም ዚስዕቡ ዓይነት ክታበታት ነቶም ዕድሚኦም ካብ 11 ክሳብ 12 ዓመት ዝኾኑ ኰተትየታት ከም ልሙድ ብቐጻሊ ኪወሃቡ ዘለዎም እዮም። ህጻን ምስዝጕብዝ እውን እዞም ክታበታት እዚኣቶም ገና ኣድለይቲ ስለዝኾኑ፡ ኪወሃብዎ ይግባእ። ክታበት ምውሳድ፡ 'ኦሮማይ ግዚኡ ሓሊፍዎ እዩ' ዝበሃሎ ጉዳይ ኣይኰነን!

## ቴታነስ፡ ዲፍተሪያ ፔርቱሲስ (ሑእታ)

ለበዳ ፔርቱሲስ ኣብ ነፍሲወከፍ 3-5 ዓመታት ይኸስት። ክታበት Tdap ንኰተትየታት ካብ ቴታነስ፡ ዲፍተሪያን ፔርቱሲስን ይከላኸለሎም። እዚ ኣብ ክሊ ዕድመ ቅድመ-ኰትትና ዝወሃብ ዓቐን መድሃኒት ፔርቱሲስ እዚ፡ ኣካላት ኣብ ልዕሊ ፔርቱሲስ ንዘለዎ ዓቕሚ ምክልኻል የሐይል፡ ማለትኣብ'ቶም ዝጎበዙ ህጻናትን ኣብ'ቶም ብዕድመ ዝቀራረብዎምን።

## መኒንጎኮካል

መጠን ተርእዮ ናይ ሕማም መኒንጎኮካል ካብ'ቶም ቀዳሞት ዓመታት ናይ ክሊ ዕድመ ኰትትና ኣትሒዙ ክብ ክብል ይረአ፤ ክሳብ ክሊ ዕድመ ናይ ትምህርቲ ኮለጅ ድማ ምውሳኽ ይቕጽል። መኒንጃይትስ፡ ነድሪ ሽፋን ሓንጎልን ዕትብቲ ዓንዲ ሕቖን ከስዕብ ዝኽእል - ባክተርያ ዝጠንቁ ሕማም እዩ። እቲ ዝበለጸ ንሕማም መኒንጎኮካል ክንከላኸለሉ እንኽእል ሜላ፡ እዋናዊ ክታበት ምክትታል እዩ።

## ሂዩማን ፓፒሎማቫይረስ (HPV/ኤች.ፒ.ቪ.)

ክታበት ኤች.ፒ.ቪ. ካብ'ቲ ዝያዳ ኣብ ሰባት ልሙድ ዝኾነ ዓይነት ሂዩማን ፓፒሎማቫይረስ ዝከላኸለልና እዩ። እዚ ቫይረስ እዚ ጠንቂ 90 ሚእታዊት ናይ ተርእዮታት መንሸሮ ኣፍ-ማህጸንን ጡብ-ኣድጊ ብልዕቲን እዩ። ምሉእ ውሕስነት ዝኽረኽቡ፡ ኣወዳትን ኣዋልድን ምሉእ ክታበት ናይ ኤች.ፒ.ቪ. ክከታተሉ ይግባእ። ኤች.ፒ.ቪ. ብዝበለጸ ክሰርሕ ዝኽእል፡ ንኰተትየታት ምስዝወሃብ እዩ፤ ማለት ህጻን እናጉበዘ ብዝኸደሉ መጠን ዝያዳ ውጽኢት ይርከቦ።

## ጉንፋዕ (ኢንፍሉዌንዛ)

ጉንፋዕ፡ ቫይረስ ዝጠንቁ - ንኣፍንጫ፡ ጕረሮን ሳናቡእን ዘጥቅዕ ተላባዒ ረኽሲ እዩ። ብሓፈሻኡ፡ ጉንፋዕ ሓደ ሰብ ኣብ ዝስዕለሉ ወይ ዘህንጥሰሉ እዋን እዩ - ናብ ካልኦት ዝመሓላለፍ። ምልክታት ሕማም ጉንፋዕ ምስዓል፡ ረስኒ፡ ገብገብ ምባል፡ ቍስሊ ውሽጣዊ መትረብ ጕረሮ፡ ቅርጥማት፡ ጸረርታ ወይ ልፋጫዊ ማዕበስቲ ናይ ኣፍንጫ፡ ቃንዛ ርእሲ፡ከምኡ'ውን ኣካላዊ ድኻም የጠቓልሉ። እቶም ጉንፋዕ ዘስዕቡ ቫይረሳት ካብ እዋን ናብ እዋን መልክዖም እናቐየሩ ስለዝኸዱ፡ ዓመታዊ ክታበት ምውሳድ እቲ ዝሓሸ ኣማራጺ እዩ።

---

ኰተትየታት፡ ነኣሽቱ ኣብ ዝነበሩሉ እዋን ነዞም ቀጺሎም ዝጥቀሱ ኣገደስቲ ክታበታት ወሲዶሞም ዝጸንሑ ኪኾኑ ይግባእ። ውላድኩም ነዞም ክታበታት እዚኣቶም ዘይወሰዶም እንተኾይኑ፡ ነቲ ንውላድኩም ኣገልግሎት ክንክን ጥዕና ዝህቦ ኣካል ኣዘራርብዎ።

- ሕማም ወይቦ ደረጃ ለ
- ሕማም ወይቦ ደረጃ ሀ
- ንፍዮ-ጽግዕ-ሩቤላ (MMR/ኤም.ኤም.ኣር.)
- ፍሮማይ (ቺክንፖክስ)

---

## ንዋጋታት ክታበት ብዝምልከት ክርከብ ዝከኣል ሓገዝ ኣሎ ዶ?

እቲ ኣብ መድሕን ጥዕና ዘለኩም ሽፈነ እንተላይ ዋጋ ክታበታት ዝዓጹ እንተኾይኑ ፈትሹ። ውላድኩም መድሕን ጥዕና ምስዘይህልዎ ወይ እቲ ዘለዎ መድሕን ጥዕና ዋጋታት ክታበት ዘይዓጹ ምስዝኸውን፡ ነቶም ኣብ'ዚ ዚስዕብ ፕሮግራም ዝጠቓለሉ ክታበታት ብዝምልከት፡ ነቲ ንዓኹም ኣገልግሎት ክንክን ጥዕና ዝህብ ኣካል ወይ ኣብ ከባቢኹም ንዝርከብ ትካል ህዝባዊ ጥዕና ተወከሱ፡- ፕሮግራም ህጻናት (VFC)። ፕሮግራም ቪ.ኤፍ.ሲ./VFC ነቶም ተቐባልነት ዝሃቦም ህጻናት ካብ ዕለት ልደቶም ክሳብ መበል 18 ዓመት ዕድሚኦም ዝመልኡሉ እዋን ዝጸንሕ ኣገልግሎት ክታበት ይህብ። እቲ ንዓኹም ኣገልግሎት ክንክን ጥዕና ዝህብ ኣካል ኣብ ፕሮግራም ቪ.ኤፍ.ሲ. ዝሳተፍ ምዃኑን ዘይምዃኑን ንምፍላጥ ሕተትዎ ወይ ድማ ነቕጣ መርበብ ሓበሬታ ናይ ፕሮግራም ክታበት https://idph.iowa.gov/immtb/immunization ብምፍታሽ ዝርዝር ናይ'ቶም ፕሮግራም ቪ.ኤፍ.ሲ. ዝህቡ ተሳተፍቲ ኣካላት ርኸቡ።

## ናይ ውላድና መዝገብ/ሰነድ ክታበት

Iንመዝገብ/ሰነድ ክታበታት ውሑስ ኣብ ዝኾነ ቦታ ምቕማጥም ኣገዳሲ እዩ። መረጋገጺ ናይ ክታበታት፡ ኣገዳስነቱ ንምሉእ ዕድመ ሰብ ዝጸንሕ ክኸውን ይኽእል እዩ። ክፍሊ ህዝባዊ ጥዕና IOWA ብመልክዕ ወረቐት ዝስነድ መዝገብ ክታበት ኣይሕዝን እዩ። ይኹን እምበር፡ ናይ ክታበት መዛግብቲ፡ ቀዋሚ ኣብ ዝኾነን ኣብ መላእ ኣውራጃ ኣብ ዝዝርጋሕን ኤሌክትሮኒካዊ ማዕከን፡ ማለት ኣብ ናይ IOWA ስርዓተ ሓበሬታ መዝገብ ክታበት (ኣይ.ኣር.ኣይ.ኤስ.) ክስነድ ዝከኣል እዩ። ኣይ.ኣር.ኣይ.ኤስ.፡ ንወለዲን ዓቕሚ-ሰብ ንዝኣከሉ ሰባትን፡ ተጠቀምቲ ናይ'ቲ ንገዛእ-ርእሶም ድዩስ ንውላዶም ዝምልከት መዝገብ ሓበሬታ ንክኾኑ ዘኽእሎም፡ ምስ ህዝባዊ መዝገብ ዝተኣሳሰር ትሕዝቶ ይውንን። https://iris.iowa.gov። ሰነድ ምስዘይርከብ፡ ምስ'ቲ ንዓኹም ኣገልግሎት ክንክን ጥዕና ዝህብ ኣካል፡ ብዛዕባ እዚ ዚስዕብ ጉዳይ ተዛራረቡ፡- ናይ ክታበትኩም መዝገብ/ሰነድ ናብ ኣይ.ኣር.ኣይ.ኤስ. ንምእታዉ ብዝምልከት።

**ምስ'ቲ ንዓኹም ኣገልግሎት ክንክን ጥዕና ዝህብ ኣካል ሎሚ ብዛዕባ ጉዳይ ክታበት ተዛራረቡ።**

